ምዕራፍ 12

ፍጹም ዘይፋለጡ ኣጋይሽ ዝተራኸቡሉ ስነ-ስረዓት ኮይኑ ኣሎ።

ዳኛ ቴይለር ስታንፎርድ ካብ ቦስተን ብነፋሪት መጺኡ'ሎ።

ካንደል ስታንፎርድ ካብ ፓሪስ መጺኣ ኣላ። ሰብኣያ ማርክ ሬናውድ ከኣ ካብ ከተማ ኒው-ዮርክ ብባቡር ተጓዒዙ ኣብ ጎድኒ ሰበይቱ ተረኺቡ'ሎ።

ዉዲ ስታንፎርድ ከምኡ'ውን በዓልቲ ቤቱ ፔጊ ካብ ሆብ-ሳውንድ ብመኪንኡም ተጓዒዞም ኣብ ስነ-ስረዓት ቀብሪ ተረኺቦም ኣለው።

** ** **

ወረስቲ ቢልዮናት ዶላራት ከም ዝኾኑ ኣብ ኩለን ማእከላት ዜና ዝቃለሐሎም ዘሎ ሰለስተ ደቁ ኣብ ስነስርዓት ቀብሪ ኣቡኦም ዝካየደሉ ቤተክርስትያን ተኣኻኺቦም ኣለው። ኣፍደገ ቤተክርስትያን ዝርከብ ጽርግያ ብኣባላት ጸጥታን ፓሊስ ከተማን ተሓጺሩ'ሎ። ኣብ ስነስርዓት ቀብሪ ንዝሳተፉ ዓበይቲ ሰበስልጣን መንግስትን ፍሉጣት ሰብ ሃብትን ንኽዕዘቡ ዝመጽኡ ግዱሳትን ጋዜጠኛታትን ከኣ ብድሕሪ መስመር ሓለዋ ኮይኖም ምክትታሎም ቀጺሎም ኣለዉ። ንዝተሰምዖም ዓሚቕ ሓዘን ክገልጹ ምክትል ፕረዚደንት ኣሜሪካ፡ ኣባላት ሰኒት ካቢነ ኣሜሪካ፡ ከምኡ'ውን ካብ ርሑቕ ምብራቅ፡ ካብ ሃገራት ቱርክን ስዑዲ-ዓረብን ከይተረፉ ዓበይቲ ሰበስልጣን መንግስቲ ተረኺቦም ኣለው። ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ዝርከብ ሸውዓተ ሚእቲ መቐመጢ ሰድያ ብሙሉኡ ብወሰንትን ኣገደስትን ሰባት ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ መሊኡ ኣሎ።

** ** **

ብድሕሪ ኣዳራሽ ቤተክርስትያን ኣብ ዝርከብ ክፍሊ ኩሎም ኣባላት ስድራ-ስታንፎርድ ቅድሚ ናብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ምእታዎም ተኣኪቦም ኣለው። ሽሕ'ኳ ሰለስቲኦም ደቁ መወዳእታ ዝተራኸቡላ ግዜ ዓመት እንተኣሕለፈ ምኽንያት ናይዚ ሕጂ መተኣኻኽቢኦም ከምኡ'ውን ብሓባር ምህላዎም ደስታ ክፈጥረሎም ኣይከኣለን።

ተፈላልዮም ብምዕባዮም ኣብ ሞንጎኡም ናይ ቤተሰብ ስምሚት የለን። ምኽንያት ዘይምርስስያም ክኸውን ዝኽእል እዚ ሕጂ ስነስረዓት ቀብሩ ክፍጸም ተወጢኑ ዘሎ ኣቡኡም ጥራይ እዩ። ስሙ ከጸብቕ ብምባል ኣብ ዓመት ሓንሳብ ክእክቦም ከሎ ንካልኦት ቀረብቶም ሒዞም ንክመጹ የተባብዖም ኣይነበረን። ደቁ እውን እንተኾኑ ናይ ኣቦኡም ሕማቅ ኣቀባብላ ስለዝፈልጡ ንቀረብቶም ኣብ ዝግበር ዝነበረ ምትእኽኻብ ስድራ ይማልእዎም ኣይነበሩን።

“እዚ ሰብኣየይ እዩ ... ማርክ ይበሃል” ካንደል ክተላሊ ጀመረት።

“አው!! .. እዚኣ ከኣ በዓልቲ ቤተይ። ፔጊ ትበሃል። .. ፔጊ እዚኣ ሓፍተይ እያ፡ ካንደል ትበሃል። እዚ ከኣ ሓወይ እዩ፡ ቴይለር ይበሃል” ብምባል ዉዲ ንሰበይቱ ምስ ሓዉን ሓፍቱን ኣላለያ።

ዝሑልን ናይ ይምሰል ሰላምታን ክለዋወጡ ጸኒሖም፡ ስነስረዓት ቅዳሰ ከካይድ ዝተቆጽረ ሰብኣይ ናብ ዝነበርዎ ክፍሊ ኣትዩ ቅዳሰ ክጀመር ብምኻኑ ኣብ ቦትኡም ክርከቡ ሓቢርዎም፡ ናብ ውሽጢ ኣዳራሽ ቤተክርስትያን ተመልሰ። ኩላቶም ስዒቦሞ ብምእታው ኣብ ዝተዳለወሎም ቅድሚት ቦታታት ኮፍ በሉ።

ኣብ ነናይ ውልቆም ሓሳብ ንኽኣትዉ ኣይደንጎዩን። ከተማ ቦስተን ንቴይለር ጽቡቕ ዝበሃል ዝኽሪ ኣይገደፈትሉን፡ ቅሩብ ዝዝክረን ደስ ዘብላ ዓመታት እንተለዋ ምስ ሮዝሜሪ ነልሰን ከምኡ’ውን ዘፍቅራ ኣዲኡ ዘሕለፈን ቁልዕነቱ ጥራይ እየን። ሬሳ ኣቡኡ ኣብ ሳንዱቅ ተጻይሩ ክሓልፍ ተመልከተ። ቴይለር ብተደጋጋሚ ኣብ ሓሳቡ ንዝመላለሳ ቃላት ኣቡኡ ዘከረ።

..... ነዚ ጽዩፍ ምስጢርካ ዘይፈልጦ ክይመስለካ .....

** ** **

ካህን ናብ ዋላ ስብከት ደየበ። ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ዝነበረ ድምጺ ጠፊኡ ጸጥታ ኮነ።

“የሱስ ከኣ ‘ትንሳኤን ህይወትን ኣነ’የ፡ እቲ ብኣይ ዝኣመነ እንተሞተ እኳ ብህይወት ክነብር እዩ’ በለ። ክቡራት ደቂ እግዚሄር እንሆ ፍቃዱ ኮይኑ....”

** ** **

ዉዲ ካብ ኩሎም ፍልይ ዝበለ ስምዒት ዓሲልዎ አሎ። ናብ ቤተክርስትያን ቅድሚ ምምጽኡ ዝወሰዶ ሄሮይን ነቲ ኩነታት ብዘይምጥን መልክዑ ከም ዝዕምር ጌይርዎ አሎ። ኣብ ጥቅኡ ኮፍ ኢሎም ናብ ዘለው ሓዉን ሓፍቱን ጠመተ። *… ቴይለር ሓወይሲ ግርማ ዝመልኦ ሰብ ኮይኑ፡ ናይ ብሓቂ ዳኛ እዩ ዝመስል። ካንደል ከኣ ኣዝያ ጸቢቓ፡ ግን ….. እንታይ እያ’ሽ ህድኣት ዝሰኣነት ትመስል? ምናልባት ኣቦይ ሰለዝሞተ ብድሕሪኡ ዝመጽእ ሸሻይ ቅሳነት ከሊእዋ ይሽውን። …. ግን ከኣ እንታይ እም ዘረብሽ ነገር ኣለዋ። ክትቀሰን ምተገብኣ!! …. ኣብ ጎኑ ኮፍ ኢላ ንዘላ ሰበይቱ ጠመታ። … ኣቦይ ይቕሬታ ግበረለይ … ማለት እንኳዕ ነዛ ሰበይተይ ብገርሀይ ሸው ዘየላለኩ ኻ! ተዘላልየካ ነይረ ሕጂ ዘይኮነ ሸው ምዓረፍካ …*

** ** **

“ከምቲ ወላዲ ንውልዱ ዝርህርሃሎም ከምኡ ከኣ እግዚኣብሄር ንዝፈርህዎ ይርህርሃሎም እዩ” በለ ካህን።

** ** **

ካንደል ንቃላት ካህን ትሰምዕ የላን። ብዛዕባ እታ ቀያሕ ክዳን እያ ክትዝክር ጸኒሓ። ሓደ መዓልቲ እዩ ኒው-ዮርክ ኣብ ዝነበረትሉ ኣቡኣ ይድውለላ እሞ “እንበኣር ከም ሕልምኺ ውርይቲ ዲዛይነር ኮይንኪ? ማዕረ ክንደይ ንፍዕቲ ምኺንኪ ንክፈልጥ ንቀዳም ትውድእያ ሓንቲ ስራሕ ክህበኪ’የ። ንሓዳሽ ውሽማይ መእከቢ ረድኤት ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ናይ ሳዕስዒት ምሸት ክወስዳ ስለ ዝኾንኩ፡ ጽቡቕ ዝበልክዮ ዲዛይን ኣዳልውላ ኢኺ። ቅርጻ ይኹን ቁመንኣ ክንዳኺ እያ ትኸውን” ብምባል ትእዛዝ ሃባ።

“ንቀዳም? ባባ ኣይክእልን’የ። ኣብታ መዓልቲ …”

“ካንደል ክጽበየኪ’የ። ክተሕርቅኒ ኣይትደልይን እኺ ሓቀይ?!” ድሕሪ ምባል ቻው ኢልዋ ቴሌፎን ዓጸወ።

ካንደል ካብ ምሒር ሕርቃን፡ ናብቲ ሞያ ካብ ትጽንበር እቲ ዝኸፍአ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ክዳን ዲዛይን ገይራ ኣዳለወትላ። ከምቲ ኣቡኣ ዝበላ ነቲ ክዳን ዓሺጋ ሰደደትሉ። ምስጋንኡ ይትረፈኒ እንዳበለት እንከላ ኣቡኣ ደወለ።

“እቲ ዝሰደድክለይ ክዳን በጺሑኒ’ዩ። እንተኾነ እታ መሓዛይ ዝበልኩኺ ንቀዳም ክጥዕማ ኣይከኣለን ስለዚ ንበይነይ ክኸይድ ስለዘይደሊ ንስኺ ምሳይ ክትኸዲ ኢኺ። ነቲ ዝሰደድክለይ ክዳን ጌርኪ ማለት’ዩ”

“ኖኖ .... !!” ካንደል ድምጻ እኳ ተተቆጻጸረት ብውሽጣ ግን ኣእወየት።

“አነ ኣቦኺ ክሓርቅ ኣይትደልይን ኢኺ ሓቀይ?”

ኣቦኣ ዝሰምዕ ዓይነት ከም ዘይኮነ ስለ ትፈልጦ፡ ኣማራጺ ስኢና ባዕላ ዲዛይን ንዝገበረቶ ክዳን ተኸዲና ኣብቲ ናይ ሳዕስዒት ምሸት ተረኽበት። ካንደል ከምታ ለይቲ እቲኣ ኣብ ሙሉእ ህይወታ ብሕፍረት ተሸቁሪራ ኣይትፈልጥን እያ።

** ** **

“ሽዑ እዱብ ተንሲኡ በሓዘን ክዳኑ ቐደደ፡ ርእሱ’ውን ላጸየ እሞ፡ ‘ጥራየይ እየ ካብ ከርሲ ወላዲተይ ዝወጻእኹ፡ ጥራየይ ከኣ ናብ መቓብር ክኣቱ እየ። እግዚኣብሄር ሃበ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ወሰደ። ስም እግዚኣብሄር ይባረኽ’ ኢሉ ናብ ምድሪ ተደፊኡ ሰገደ .....” በለ ካህን ንቃላት ብህድኣት እንዳውጸአ።

** ** **

ፔጊ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ካብ ዘለው ሰባት ንበይና ፍልይቲ ፍጥረት ዝኾነት ኮይኑ ተራኣያ። ኣብ ውሽጢ እቲ ዓቢ ቤተክርስትያን ዝናን ክብረትን ሃብትን ዝውንኑ ኣገደስቲ ሰባት ተኣኪቦም ብምህላዎም ድሕረባይትኣ ቅሳነት ከሊእዋ ኣሎ። ቅድሚ ሕጂ ናብ ቦስተን መጺኣ ኣይትፍልጥን እያ። ከተማ ቦስተን ከም ናይ ሰድራ-ቤት ሄሪ ስታንፎርድ ውልቓዊት ዓለም ኮይና እያ ትረኣያ። ካብ ትመጽእ ዝረኣየቶ ነገር እውን ኣብታ ከተማ ንዝወሰደቶ ምስሊ ዘዋድቅ ኣይኮነን። ንስነስርዓት ቀብሪ ብምባል፡ ምስ ሰብኣያ ዉዲ ካብ ዝመጽኣትላ መዓልቲ ጀሚራ ኣዝዮም ህቡባትን ሃብታማትን ሰባትን ጥራይ እያ ትዕዘብ ዘላ። ነብሰ ምትሓት እንዳተሰምዓ ክተስተንትን ጀመረት። ንኢድ ኣብ ጎድና ኮፍ ኢሉ ዘሎ ሰብኣያ ድሕሪ ምጭባጥ ንጸሎት ፍትሓት ካህን ክትከታተል ጀመረት።

** ** **

“ኩሉ ሰብ ከም ሳዕሪ’ዩ፡ ኩሉ ክቡር እውን ከም ዕንባባ መሮር’ዩ፡ እቲ ሳዕሪ ይነቅጽ፡ እቲ ዕንባባ እውን ይረግፍ። ቃል እግዚያብሄር ግን ንዘልኣለም ይነብር .... እቲ ኣባኻትኩም ዝተበሰረ ቃል ከኣ እዚ እዩ” በለ ካህን።

** ** **

ማርክ ናብ ሰበይቱ ብዛዕባ ዝተላእከ ደብዳቤ ይሓስብ ኣሎ። ኩለን እተን ኣብቲ ደብዳቤ ሰፊረን ዘለዎ ቃላት ተመሪጸን ዝተጻሕፋ እየን። መን ከም ዝጸሓፎ ንምፍላጥ ከኣ ፍጹም ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ ጎድኑ ኮፍ ኢላ ኣብ ካልእ ሓሳብ ኣትያ ንዘላ ሰበይቱ ጠመታ። ካብ ገጻ ፍርሒ ኣንበበ። *.... ክሳዕ መዓሰ ግን ብሰቅታ ክትጻወሮ ትኽእል ትኸውን? ...* በለ ብሓሳቡ።

** ** **

“እግዚያብሄር ይባርኸካን ይሓሉኻን፡ እግዚኣብሄር ገጹ የብርሃልካ፡ ጸጋኡ ከኣ ይሃብካ። እግዚኣብሄር ብምሕረቱ ይጠምተካ፡ ሰላሙ ድማ ይሃብካ ... ኣሜን!!”

** ** **

ካህን ጸሎተ ፍትሓቱ ምስ ወድኣ ሓመድ ኣዳም ናይ ምልባስ ሰነስርዓት ስድራቤት ሄሪ ጥራይ ኣብ ዝተረኽቡሉ ከም ዝፍጸም ተሓበረ። ቴይለር ሳንዱቅ ሬሳ ኣቡኡ ተጸይሩ እንዳወጸ ምስ ረኣየ፡ ትማሊ ካብ ከተማ ቺካጎ ናብ ቦስተን ምስ ኣተወ ንዝገበሮ ነገር ዘከረ። ካብ መዓልቦ ነፈርቲ ቦስተን ምስ ወጸ ንማንም ከይረኽበ እዩ ትኽ ኢሉ ሬሳ ኣቡኡ ተዓቂቡሉ ናብ ዝነበረ ቦታ ብምኻድ፡ ብህይወቱ እንከሎ ዘማርሮ ኣቡኡ ምስ ሞተ እንታይ ከም ዝመስል ዝረኣዮ።

ዉዲ ዘይከምቶም ካልኦት ሓዘንተኛ ከመስል እኳ ይጽዕር የለን። ሬሳ ኣቡኡ ብሞንጎ እቶም ሓዘኖም ክገልጹ ኣብቲ ቤተክርስትያን ተረኺቦም ዘለው ሰባት ክሓልፍ እንከሎ እንዳረኣየ ፍሽኽትኡ’ኳ ክሓብእ ኣይከኣለን።

** ** **

ስነስርዓት ቀብሪ ኣባላት ስድራ ጥራይ ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ መካነ መቓብር ካንብርጅ ተፈጸመ። ሰለስቲኣም ደቂ ኣቡኣም ናይ መወዳእታ መዕረፊት ቦትኡ ኣትዩ ሓመድ ኣዳም ክለብስ ተመልከቱ።

“ዉዲ ... ስነስረዓት ቀብሪ ተፈጺሙ ኣሎ። ካብዚ ንደሓር ኣብዚ ምጽናሕ ንዓኻ እውን ጽቡቕ ኣይኮነን” በሎ ካህን ካብ ሓልዮት ተበጊሱ።

“ጽቡቕ ኣለኻ ... ምኻድ ይሓይሽ” መለሰ ዉዲ። ናይ ሓሺሽ ስኽራኑ ቀስ እንዳበለ ክነፍሰሉ ጀሚሩ’ሎ። ማርክ “ናበይ ኢና ንኸይድ?” ብምባል ንዉዲ ሓተቶ። ቴይለር ተቐላጢፉ “ኣብ ሮዝ-ሂልስ ክንጸንሕ ኢና። ኩሉ ነገር መደብ ወጺኡሉ ኣሎ። ክሳብ እቲ ውርሻ ዝፍጸም ኣብቲ ቪላ ክንጸንሕ ኢና” ብምባል መለሰሉ።

ድሕሪ ቁሪብ ደቓይቕ ኩላቶም ሊሞዚን ብዝዓይነተን መካይን ናብ ቪላ ሮዝ-ሂልስ ኣምርሑ።

** ** **

መካይን ኣብ 12,000 ትርብዒት ሜትሮ ኣብ ዝተደኮነ ቪላ ሮዝ-ሂልስ በጽሓ። ኩላቶም ካብ መኪና ብምውራድ ነቲ ውቁብ ቪላን ኣዝዩ ደስ ዘብል መናፈሻን ክዕዘብዎ ጀመሩ።

“ክሳብ ሕጂ ግን ክኣምኖ ኣይከኣልኩን ዘለኹ። ናይ ብሓቂ ግን ኣቦይ ሞይቱ ማለት ድዩ?” በለት ካንደል። “ናብዚ ገዛ እንዳኣተኹ ከምቲ ቀደም ዝጸንሓኒ ይመስለኒ ኣሎ”

ዉዲ ንሓፍቱ ብምጥማት ክስሕቅ ጀመረ። “ካንደል .... ኣቦና ኣብ ገሃነም ዘሳልጦም ብዙሓት ጉዳያት ስለ ዝህልውዎ ክምለስ እዩ ኢልኪ ኣይትጠራጠሪ”

ቴይለር ነቲ ውቁብ ቪላ ክጥምቶ ድሕሪ ምጽናሕ ዓሚቕ ትንፋስ ኣስተንፊሱ “ንኺድ ንእቶ” በሎም።

ናብ መዓጾ እቲ ዓቢ ቪላ ምስ ቀረቡ ልዕሊ 30 ዓመታት ዝሰርሐን ኣብቲ ሕማቅ እዎን እውን እንተኾነ ንኩሉ ዝወጽእ ዝነበረ ወረን ዜናን ተጻዊሩ እሙንነቱ ዘመስከረ ወዲ ሰብዓ ዓመት ገዲም ሰረሕተኛ ገዝኡም ክለርክ ከፊቶም።

ክላርክ ንደቂ ሄሪ ምስ ረኣየ ኣዝዩ ተሓጎሰ። ካንደል ቀዲማ ጹቡቕ ጌራ ሓቂፉዎ ናፍቆታዊ ሰላምታኣ ለገሰትሉ።

“ክላርክ .... እንካዕ ደሓን ጸናሕካ”

“የቕንየለይ ወይዘሪት ካንደል። ከይተረኣኣና ነዊሕ ዓመታት ኮይኑ”

“አው!! ክለርክ ... ስመይ ናብ ወይዘሮ ሬናውድ ተቀይሩ’ሎ። እዚ ከኣ ሰብኣየይ’ዩ። ማርክ ሬናውድ ይበሃል”

“ከመይ ትኸውን ማርክ?”

“ጽቡቕ። በዓልቲ ቤተይ እኳ ብዛዕባኻ ብዙሕ ጽቡቕ ነገር ከም ዝፈልጥ ጌይራትኒ እያ” መለሰ ማርክ።

“የቕንየለይ ማርክ” ኢሉ ምስጋንኡ ምስ ኣቅረበ ናብ ቴይለር ገጹ ጠመተ። “ከመይ ትኸውን ክቡር ዳኛ ቴይለር ስታንፎርድ?”

“ጽቡቕ ... ንስኻ’ኸ ከመይ ኣለኻ ክለርክ?”

“ጽቡቕ ኣለኹ ቴይለር። ንዓኻ ብምርኣየይ ኣዝየ ሕጉስ’የ”

“የቕንየለይ ክለርክ ... ብሓቂ ከኣ ጽቡቕ ኣለኻ። ኣይኣረግካን ዘለኻ”

“ንስኻ እውን ገና ኢኻ ትመስል፡ ጽቡቕ ኣለኻ። ቴይለር ... ንኣቦኻ ብዘጋጠሞ ሃንደበታዊ ሓደጋ ናይ ብሓቂ’ዩ ተሰሚዑኒ”

“የቕንየለይ ክለርክ። ... እሞ .... ኣብዚ ኣብ እንጸንሓሉ ከም ቀደምካ ንስኻ ዲኻ ብቀረባ ዘለኻ?”

“እወ። በዚ ኣይትሸገር። ንኹላትኩም ብዝጥዕም ኣገባብ ተዕርፉሉ መንገዲ ኣዳልየልኩም ኣለኹ”

“እታ ቆልዓ ከለኹ ዝድቅሰላ ዝነበርኩ ክፍለይ ዲኻ ኣዳሊኻለይ ዘለኻ?” ሓተቶ ቴይለር።

ክለርክ ፍሽኽ እንዳበለ “እወ። ትፈትዋ ኢኻ ኢለ ስለዝሓሰብኩ ኣብታ ክፍሊ ኢኻ ክተዕርፍ” ብምባል መለሰሉ። ክለርክ ትም ኢሉ ናብ ዝጸንሐ ዉዲ ብምጥማት ሰላም ክብሎ እንዳበለ ሃንደበት ንፔጊ ብኢዳ ሒዙ ደኺምዎም ብምህላዉ ከዕርፉ ከም ዝደለዩ ሓቢሩ ገዲፍዎም ናብ ውሽጢ ቪላ ኣተወ።

** ** **

ብኩነታት ዉዲ ዘይተሓጎሰ ክለርክ ናብ ቴይለር ጠሚቱ “ክቡር ዳኛ .... መልእኽቲ ኔይሩካ። ኣቶ ፊትዝግራልድ ቀቅድሚ ምምጻእኩም

ደዊሉ ነይሩ። መዓስ ብዛዕባ እቲ ናይ ውርሻ ጉዳይ ክትዘራረቡ ከም ዝጥዕመኩም ደዊልካ ንገረኒ ኢሉካ'ሎ" በሎ።

"መን'ዩ ፊትዝግራድ?" ሓተተ ማርክ።

"ጠበቓ'ዩ። ኣቦይ ምስኡ ዳርጋ ሙሉእ ህይወቱ እዩ ሰሪሑ። ግደ ሓቂ ንሕና ንባዕልና ብስም ኢና ንፈልጦ እንበር ርኢናዮ ኣይንፈልጥን ኢና" በለት ካንደል ንሕቶ ሰብኣያ ክትምልስ።

"ብዛዕባ ጉዳይ ውርሻ'ዩ ክዘራረብ ደልዩ ዘሎ" በለ ቴይለር ናብ ኩላቶም እንዳጠመተ መዓስ ከም ዝጥዕሞም መልሲ ክረክብ እንዳደለየ። "ብወገንኩም ዝኾነ መደብ ተዘይብልኩም ጽባሕ ንግሆ ናብዚ መጺኡ ንኽዘራርበና ተነገርክዎ ከመይ ይመስለኩም?"

"ጽቡቕ .... ኣነ ብወገነይ ቀልጢፍና ተሳለጥናዮ ዝሓሸ'ዩ በሃሊት እየ" በለት ካንደል።

"ሕራይ በሉ ... ድራር ይዳሎ እንድዩ ዘሎ ሰዓት ሸሞንተ ድራር ተጸዋዕኩ ይጥዕመኩም ድዩ?" ሓተተ ክለርክ ኣንዳተሰከፈ ንኹሎም ብምጥማት።

"እወ ይጥዕመና'ዩ" ቴይለር ንኹሎም ወኪሉ መለሰ። "ትገብሮ ብዘለኻ ምቅሉል ኣቀባብላ ከኣ ከየመስገንኩኻ ክሓልፍ ኣይደልይን እየ"

ክለርክ ፍሽኽ ብምባል ምስጋና ከምዝተቐበለ ገለጸ። ".. በሉ ክሳብ ድራር ዝኣክል ኣነ ክገድፈኩም። ኢቫንን ሚሊን ክልቲኦን ነናትኩም መደቀሲ ክፍሊ ከርእያኹም እየን"

ቴይለር ንሓፍቱን ንሰብኣያ ማርክን ኣብ ድራር ንራኸብ ኢሉዎም ናብታ ዝፈትዋ መደቀሲት ክፍሉ ኣምርሐ።

** ** **

ዉዲን ፔጊን ኣቐዲሞም እዮም ናብ ዝተዳለወሎም መደቀሲ ዝኣተው።

ኣብ መደቀሲ ክፍሎም ምስ ኣተው "ደሓን ዲኻ ዉዲ?" ብምባል ፔጊ ተሻቂላ ሓተተቶ።

"ደሓን እየ። ጥራይ ሰላም ሃብኒ ሕጂ" እንዳንጸርጸረ መለሰላ።

ኣብ ደንደስ ዓራት ኮፍ ድሕሪ ምባል ሃንደበት በርተግ ኢሉ ብምትንሳእ ሽቃቅ ኣትዩ ነብሱ ክሕጸብ ጀመረ። ፔጊ ተሓጺቡ ክሳብ

ዝውድእ ዓቅሊ ጌራ ክትጽበዮ ጀመረት። ተሓጺቡ ምስ ወጽአ ፍሸኽ እንዳበለ ኮፍ ኢላትሉ ናብ ዘላ ዓራት ገጹ ሰጎመ።

“ኢሂ ደሓን’ዶ?”

“ደሓን’ዩ …” መለሰት ፔጊ ፍሸኽ እንዳበለት ዘጽናዓቶ ጠባያቱ እናሻዕ እንዳስደመማ።

“እሞ ገዛና ከመይ ረኺብክዮ?”

“ኣዝዩ ገፊሕ’ዩ”

“ገፊሕ ግን ከኣ ዘፍርሕ ገዛ እዩ” በላ ዉዲ እቲ ዘሕዝን ታሪኽ እንዳተዘከሮ። ኣብ ጎድና ኮፍ ኢሉ ሓቆፋ። “እዛ ዘለናያ ክፍሊ፡ ቆልዓ ከለኹ ዝድቅሰላ ዝነበርኩ እያ። ሽዑ ከምዚ ሕጂ ኣይትራእዮ ንኹሉ መናድቕ ብናይ ስፖርት ስእልታት እየ ዝመልኦ ነይረ። ድሌተይ ኣትሌት ንምኳን እዩ ነይሩ። ግና ኣትሌት እኳ ተዘይኮንኩ ኣብተን ኣብ ኣሕዳሪ ቤት-ትምህርቲ ዝነበርኩለን ዓመታት ካፕቴን ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ክኸውን በቂዐ ነይረ’የ። ኣነ ግን ዝገርመኒ ብዙሓት ኮሌጃት እኳ እየን ተቀቢለን ከምህራኒ ዝደልያ ነይረን። ሽዑ ደኣ ይርድኦ ኣይነበርኩን እንበር፡ ንዓይ ፈትየን ወይ ሓልየን ዘይኮና ዝናን ሃብትን ንከኻዕብታ’ዩ ነይሩ”

“ካብ ኣሕዳሪ ቤት-ትምህርቲ ምስ ወጻእካ ደኣ ኣበይነይቲ ኮሌጅ ቀጺልካ?”

ዉዲ ርእሱ ብኣሉታ ነቕነቐ። “ካብተን ተቐቢለናኒ ዝበልኩኺ ኮሌጃት ኣብ ሓንቲ’ኳ ኣይኣተኹን። ኣቦይ እተን ሕራይ ዝበላኻ ኮሌጃት ብሙሉአን ንስም ስታንፎርድ ስለዝደልያን ገንዘብ ይርከቦ እዩ ስለዝበላን ምኳነን ነጊሩኒ። ኣነ ብዙሕ ኣይኣመንክዎን እንተኾነ ንዝሓሰቦ ካብ ምፍጻም ስለዘይቁጠብ፡ ናብ ሓንቲ ናይ ኢንጂነሪንግ ኮሌጅ ሰዲዱኒ። ክገርመኪ ግን ብጣዕሚ ተሰልችው ኮሌጅ እያ ነይራ። ናይ ስፖርት ንጥፈታት ኣይነበራን” ኢልዋ ንካልኢታት ትም ኢሉ ክሓስብ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብኸመይ ምኽንያት ነዚ ሕጂ ዝጻወቶ ዘሎ ስፖርት ክመርጾ ከም ዝኸኣለ ከዕልላ ጀመረ።

“ሓደ መዓልቲ እዩ … ፈረስ ተወጢሐ እንዳጋለብኩ፡ እንታይ ጌይረ ኣይተረደኣንን ወዲቐ። ምውዳቐይ ዘይኮነ ግን ክወድቅ ከለኹ ኣቦይ

ስለዝረኣየኒ እየ ብጣዕሚ ሓሪቀ። ሸው ዝበለኒ ፍጹም ኣይርስዖን እየ ‘ፈረስ ፈጺምካ ከይትጋልብ። ከማኻ ገልጣም ፈረስ ኣይጋልብን እዮ’ ብምባል እዩ እዚ ሕጂ መቓብር ኣትዩ ዘሎ ኣቦይ ዘናሸወለይ። ካብታ መዓልቲ እቲኣ ከኣ ኣንጻር ኣቦይ ክገብር ህልኽ ሒዙኒ እነሀለኹ ናይ ትሸዓተ-ጎል ተጻዋታይ ቃርሳ ፈረስ ክኸውን ኪኢለ”

** ** **

ሰዓት ሸሞንተ ናይ ምሸት ምስ ኮነ ኩላቶም ንድራር ተኣኻኸቡ። ንሓድሕዶም ብዙሕ ዘይፋለጡ ኣጋይሽ ብምኳኖም ስቕታ ሰፊንዎም ክድረሩ ጀመሩ። ቅሩብ ከም ዕላል ከራኽቦም ዝኽእል ዘሕለፍዎ ንእስነት ጥራይ እዩ።

ካንደል ንዝጸንሐ ስቅታ ደፊራ ናብ ቴይለር ብምጥማት “ኣብ ጉዳይ ፊዮረሎ ንዝሃብካዮ ውሳኔ ኣብ ጋዜጣ ኣንቢበዮ ነይረ። ጽቡቕ ውሳኔ ኢኻ በይንካሉ” በለቶ።

“ዳኛ ምኳን ደስ’ዩ ዘብል ሓቀይን’ድየ? ንገበነኛታት ከም ኣምላኽ ክትፈርድ ከለኻ ፍሉይ ዝኾንካ እዩ ዝመስለካ ሓቀይ’ዶ?” ሓተተት ቀጺላ ፔጊ።

“ገለ ገለ እዎን ጽቡቕ ኣለኺ ደስ’ዩ ዘብል” መለሰ ቴይለር ህድእ ኢሉ።

“ከመይ ንዝኣመሰሉ ክስታት ኢኻ ግን ትሰምዕ?” ማርክ ሕቱኡ ኣቕረበ።

“ገበናዊ ጉዳያት ... ዓመጽ፡ ቅትለት ....”

ካንደል ካብ ሓዋ ንዝሰምዓተን ቃላት ንዓኣ ብፍሉይ ዝምልከት ኮይኑ ስለዝተሰመዓ ተረበሸት። ገለ ነገር ክትብል ከም ዝደለየት ካብ ዝተጨነቀ ገጻ ዝተረድአ ማርክ፡ ኢዱ ብትሕቲ ጠረጴዛ ሰዲዱ ኣትሪሩ ንኢዳ ብምጭባጥ ዝኾነ ነገር ንኽይተሙልቅ ኣጠንቀቓ።

“ካንደል ... ናይ ብሓቂ ግን ንፍዕትን ውርይቲ ዲዛይነር ኢኺ ኮይንኪ” በላ ቴይለር ብምቕሉል ኣዘራርባ።

ካንደል ቀልጢፋ ክትረጋጋእ ኣይከኣለትን። “የቐንየለይ” ሓጺር መልሲ መለሰትሉ።

“ኣብ ስርሓ ትግህቲ’ያ .. እሱ’ዩ እቲ ምክንያት መዕወቲኣ” ማርክ ክሕግዛ ፈተነ።

“ንስኻ’ከ ማርክ ... እንታይ ኢኻ ትሰርሕ?” ሓተተ ቴይለር ናብ ሰብኣይ ሓፍቱ ብምጥማት።

“ኣብ ናይ ድለላ ስራሕ ኣብ ዝተዋፈረ ትካል ተቐጺረ’የ ዝሰርሕ” መለሰ ማርክ።

ቴይለር ካብ ሰብኣይ ሓፍቱ ልዕል ዝበለ ስራሕ ተጸብዩ ስለዝጸንሐ ተገሪሙ “እሞ ሓንቲ ዕውትቲን ፍልጥቲን ሰበይቲ ምርካብካ ዕድለኛ ኢኻ” በሎ ብድፍረት።

ካንደል ብቶኽታኺ ቃላቱ ሓሪቃ ዓይና ኣፍጢጣ ጠመተቶ። ናብ እዝኒ ሰብኣያ ቀሪባ “ንዝበለካ ግዲ ኣይትግበረሉ። ኣዝየ ከምዘፍቅረካ ኣይትረስዕ ማርክ” ብምባል ከኣ ሕሹኽ በለቶ።

** ** **

ዉዲ ኣቐድም ኣቢሉ ዘሸተቶ ሓሸሽ ከፍዝዞ ጀሚሩሉ ኣሎ። ኣብ ጎድኑ ኮፍ ኢላ ንዘላ ሰበይቱ ብኢዱ ገጻ ብምጥዋይ ክጥምታ ጀመረ።

“ፔጊስ ናይ ፋሽን ክዳውንቲ ክትክደን ምኽኣለት ነይራ ግን ኣብ ቅድሚ ሰብ እንታይ ትመስል ስለ ዘይግድሳ ኣብ ትክደኖ ክዳውንቲ ግዲ የብላን። ሓቀይ እንድየ ፔጊ?”

ፔጊ መልሲ ከይመለሰትሉ ኣብ ቅድሚኣ ተቐሪቦም ድራር ንዝምገቡ ዘለው ኣዝማድ ሰብኣያ ብሕፍረት ክትጥምቶም ጀመረት።

“ምናልባት ከኣ ፋሽን ክዳን ዘይኮነስ ደስ ዝብላ፡ ናይ ኣሳሳይት ዩኒፎርም እያ ትመርጽ መስለኒ” በለ ዉዲ ብስኽራን ሓሺሽ ተሰኒፉ ክስሕቅ እንዳጀመረ።

ፔጊ ፍረድዮ ተትበሃል ንሰብኣያ ሞት ምበየነትሉ። “ኣይትሓዙለይ!!” ትብል ሓጻር ቃል ኣውጺኣ ካብ ዝተቀመጠቶ ሰድያ ብድድ ኢላ ብምትንሳእ፡ ድራራ ከይወደአት ናብ መደቀሲ ክፍሎም ጎየየት። ኩላቶም ብተግባራት ዉዲ ተበሳጭዮም የዒንቶም ኣፍጠጡሉ።

ዉዲ ከምዛ ዘይገበረ ፍሽኽ እንዳበለ “ደሓን’ያ። ቀልጢፉ’ያ ትሓርቅ። ብዝኾነ ጽባሕ ዲና ብዛዕባ ናይ ኣቦና ኑዛዘ ክንዛተ ሓቀይ?”

ብምባል ኣርእስቲ ንክቅይር ሓሪቆም ንዝጥምትዎ ዘለው ኣሕዋቱ ሕቶ ኣቕረበሎም።

“እወ” ቴይለር ዝተጸወገ ገጹ ከይፈትሐ ሓጺር መልሲ መለሰሉ።

“ርግጸኛ’የ ኣቦና ንዓና ዘኪሩ ሳንቲም እውን ከምዘይገድፈልና” በለ ዉዲ።

“እንታይ እሞ ክገብሮ’ዩ? እቲ መጠን ገንዘብ እኮ ኣዝዩ ብዙሕ’ዩ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ....” ማርክ ዉዲ ተጸዊጉ ይጥምቶ ከም ዘሎ ምስ ረኣየ ንዘረብኡ ክዛዝም ድፍረት ሰኣነ።

“ብዛዕባ ኣቦና ትፈልጦ ነገር ወላሓደ የለን። ከም ትፈልጥ ክትኸውን ኣይትድለ። ደሓር ከኣ ኣቦይ ብኸመይ ንገንዘቡ ምስኡ ናብ ጉድጓዱ ሒዝዎ ከም ዝኣቱ ኣይጠፍኦን’ዩ” በሎ ዉዲ ተጸዊጉ ንማርክ ክጥምቶ ጸኒሑ ናብ ቴይለር ቆላሕትኡ ብምምላስ።

“ደሓን ጽባሕ ንኩሉ ክንፈልጥ ኢና” በለ ቴይለር ተረጋጊኡ። “ሕጂ ንደረር ጥራይ”

** ** **

ንጽባሒታ ንግሆ ልክዕ ኣብ ቆጸራ ሰዓቶም ፊትዝግራልድን ስቲቭን ኣብ ቪላ ሮዝ ሂልስ ተረኸቡ። ክለርክ ንኽልቲኦም ተቐቢሉ መሪሕዎም ኣብ ውሽጢ እቲ ቪላ ናብ ዝርከብ ገፊሕ ቤት-ንባብ ኣተወ።

“ከም ዝመጻእኩም ክነግሮም’የ .... ኮፍ በሉ!!” ኢልዎም ሓዲጉዎም ካብቲ ቤት-ንባብ ወጽኡ።

“ፍልይቲ ንግሆ ክትኸውን እያ” በለ ስቲቭ “ብፍላይ ምስ ነገርናዮም ከመይ ከም ዝኾኑ የተሓሳስበኒ’ሎ”

“ደሓን እንታይ ኣጨነቀካ .... ዘይ ሕጂ ክንርእዮም ኢና” በሎ ፊትዝግራልድ ፍሽኽ እንዳበለ።

ካንደልን ሰብኣያ ማርክን ቐዲሞም ናብቲ ቤት ንባብ ኣተው።

“ከመይ ትሓድሩ!! ፊትዝግራልድ ይበሃል .... እዚ ከኣ ተሓጋጋዚየይ’ዩ። ስቲቭ ይበሃል” ፊትዝግራልድ ሰላምታ ድሕሪ ምቐራብ ንመሳርሕቱ ኣላለየ።

“ካንደል ሬናውድ ... እዚ ከኣ ማርክ ይበሃል፡ በዓል ቤተይ’ዩ”

ናይ ኢድ ሰላምታ እንዳተለዋወጡ ከለው፡ ዉዲን ፔጊን ተመራሪሑም ናብ ቤት-ንባብ ኣተው።

“ዉዲ .. ተላለዮ ስቲቭ ይበሃል .. እዚ ከኣ ፊትዝግራልድ” በለት ካንደል ንዉዲ ምስቶም ኣጋይሽ ክተላልዮ ብምድላይ።

ዉዲ ሰላምታ ቅድሚ ምሃቡ ርእሱ እንዳነቕነቀ ንክልቲኦም ጠመቶም። “ተስፋ ይገብር ንብሙሉኡ ገንዘብ ኣቦይ ሒዝኩሞ መጺእኹም ክትኾኑ”

“እ!! .. መጀመርታ ክግበሩ ዝግብኦም”

“ኣጆኻ ይላገጽ’የ ዘለኹ፡ ኣይትሰንብድ” በሎ ዉዲ ስንባደ ስቲቭ ኣስሒቅዎ ፍሽኽ እንዳበለ። “እዚኣ በዓልቲ ቤተይ’ያ። ፔጊ ትበሃል” ኢሉ ንበዓልቲ ቤቱ ምስ ኣላለዮም ናብ ስቲቭ ጠመተ። “እዚ ኣረጊት ሰብኣይ ገለ ነገር’ዶ ኣይገደፈለይን? ወይስ ...” ገና ዘረብኡ ከይወድአ እንከሎ ቴይለር ኣተወ።

“ከመይ ሓዲርኩም?” በለ ቴይለር ናይ ሓባር ሰላምታ ክህብ ብምድላይ።

“ቴይለር?”

“እወ”

“ፊትዝግራልድ ይበሃል። እዚ ከኣ ተሓጋጋዚየይ እዩ ስቲቭ ይበሃል። ናይ ኣቦኻ ሬሳ ካብ ኮርሲካ ብቁልጡፍ ናብ ዓዱ ንክምለስ ዝገበረ ንሱ’ዩ”

“ብልቢ’የ ዘመስግነካ ንስለ ኩሉ ትጉህ ስራሕካ። ሓደ ነገር ግን ከረጋግጾ ደልየ ዘለኹ ... ምስዚ ኣብ ማዕከናት ዜና ዝውረየሉ ዘሎ ዝተፈላለየ ምኽንያታት ብልክዕ እንታይ ኣጋጢሙ ኣሚንና ክንፈልጥ ንኽእል ዲና? ኣማውታ ኣቦይ ገበን ዘስዓቦ ከይከውን?” ሓተተ ቴይለር ንስቲቭ እንዳጠመተ።

“ብኡኡ ኣይትጠራጠር። ብልክዕ ዘሕዝን ሓደጋ’ዩ ኣጋጢሙ። ናይ ኣቦኻ መርከብ ኣብ ጉዕዞ እንከላ እያ ኣብ ኮርሲካ ምስ በጽሐት እቲ ሓያል ማዕበል ዘጋጠማ። ከም ሓላዊኡ ዲሚትሪ ካሚኒስኪ ዝበሎ እንተኾይኑ ኣቦኹም ገለ ንፉስ ዝበታተነሉ ናይ ስራሕ ወረቓቕቲ ክእክብ ክብል፡ ናብ በረንዳ መርከቡ ምስ ወጸ እዩ ነተን ብንፋስ

መሊሰን ዝብተና ዝነበራ ወረቓቕቲ ንክሕዝ ሚዛኑ ስሒቱ ናብ ባሕሪ ዝጠሓለ። ካፕቴን፡ መርከብ ጠጠው ኣቢሉ ክሳብ ደልዮም ዘውጽእዎ ከኣ ኣቦኹም ብህይወት ክጸንሕ ኣይከኣለን” ብምባል ስቲቭ ዝከኣሎ ዝርዝራዊ መልሲ ክህብ ፈተነ።

“እንታይ ዓይነት ሕማቅ ኣማውታ’ዩ በጃኻ!!” ካንደል ኣስካሕከሐት።

“ነዚ ዲሚትሪ ካሚኒስኪ ትብልዎ ሰብ ባዕልኹም ኣዘራሪብኩሞ ኔርኩም?” ሓተቶ ቴይለር መሊሱ።

“ኣየዘራረብናዮን። ኣነ ኮርሲካ ኣብ ዝበጻሕኩሉ ግዜ ዕድል ኣይገበርኩን፡ ንሱ ካብታ ደሴት ወጺኡ’ዩ ጸኒሑኒ” መለሰ ስቲቭ ብህድኣት።

“ካፕቴን እታ መርከብ ንኣቦኹም ኣቐዲሙ ብዛዕባቲ ማዕበል መጠንቀቕታ ሂብዎ’ኳ ተነበረ ኣቦኹም ግን ክሰምዖ ኣይመረጸን። ብርግጽ ንምኽሪ ካፕቴን መርከብ ከይሰምዐ ዝህወኸሉ ዝነበረ ጉዳይ’ኳ እንታይ ምኸኑ ተዘይፈለጥና ኣቦኹም ግን ብኣገዳሲ ስራሕ ናብ ቦስተን ክምለስ ተሃዊኹ ምንባሩ ርግጸኛታት ኢና። ኣብ ደሴት ኮርሲካ ምስ በጽሐ ብቁልጡፍ ናብ ኣሜሪካ ዝምለሰሉ መንገዲ ኣዳልዩ’ውን ነይሩ’ዩ። ከም ዝመስለኒ ገለ ብህጹጽ ክፈትሑ ዝደልዮ ሽግር ዘጋጠሞ’ዩ ዝመስል” በለ ፊትዝግራልድ ንዘረባ ስቲቭ ከራጉዶ ብምሕሳብ።

“እንታይ ዓይነት ሽግር ክፈትሕ ከም ዝደለየ ግን ኣይፈለጥካን?!!” ሓተተ ቴይለር ንፊትዝግራልድ እንዳጠመተ።

“ኣይፈለጥኩን። ኣቦኹም ንዓይ ብህጹጽ ክረኽበኒ ከም ዝደለየ መልእኽቲ ምስ በጽሓኒ፡ ካብ ሞንጎ ዕረፍተይ’የ ናብ ስርሐይ ተመሊሰ። እንተኾነ ንሱ ሕማቅ ኣጋጢምዎ፡ ኣነ’ውን ንሽግሩ ክፈልጥ ዕድል ኣይገበርኩን”

“እዚ ክትነግረና ዝጸናሕካ ሰሓቢ ግን ከኣ ድሮ ግዚኡ ዝሓለፎ ጥንታዊ ዛንታ እንድዩ፡ ሕጂ ብዛዕባ እቲ ኑዛዘ ንዘራረብ። ኣቦና ዝገደፈልና ሃብቲ ኣሎ ድዩ የለን?” ዉዲ ስቅታ መሪጹ ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ ዓቅሉ ተወዲእዎ ሓተተ።

“ንምንታይ ኮፍ ዘይንብል፡ ብጠጠውና ዘረባ ከፊትና ሓቀይ?!!” በሎም ቴይለር ፍሽኽ እንዳበለ ናብተን ኮፍ መበሊ ብምምልካት።

ኩላቶም ኮፍ ምስ በሉ፡ ፊትዝግራልድ ኣንጠልጢልዎ ካብ ዝመጽኣ ቦርሳ ወረቓቕቲ ከውጽእ ጀመረ።

“ቀልጥፉ እባ ንገሩና። ገዲፉልና ድዩ ወይስ?” ሓተተ ዉዲ ካብ ቦርሳ ፊትዝግራልድ ዝወጽእ ዝነበረ ብዝሒ ወረቓቕቲ ዓቅሉ ስለዘጽበበሉ።

ካንደል ዓቅሊ ንኽገብር ብዓይና ክትገንሖ ፈተነት።

“መዓስ ጠፊኡኒ ሳንቲም እውን ኣይገደፈልናን” ውዲ ምዕግርጋሩ ቀጸለ።

ፊትዝግራልድ ዘድልየኦ ወረቓቕቲ ኣውጺኡ ምስ ወድኣ ንሰለስቲኦም ደቂ ስታንፎርድ ብብሓደ ጠመቶም።

“ዘይከም ትጽቢትኩም ንኹሉ ሃብቲ ኣቦኹም ብማዕረ ክትካፈልዎ ኢኹም” በሎም ፊትዝግራልድ ድሕሪ ቃላቱ ንዝስዕብ ግብረ መልሲ ክርኢ እንዳተሃንጠየ።

ፊትዝግራልድ ገጽ ሰለስቲኦም ደቂ ስታንፎርድ ከም ብርሃን ክኹላዕ ኣስተብሃለ። ዉዲ ዓይኑ ብምፍጣጥ ነቲ ዓቢ ብስራት ዘስምዖ ፊትዝግራልድ ኣፉ ከፊቱ ክጥምቶ ጀመረ። “ናይ ብሓቅኻ ዲኻ? ትላገጽ ከይትህሉ?” ካብ ዝተቐመጠሉ ብምትንሳእ ነጠረ። “ትሰምዕዎ’ዶ ኣለኹም? እዚ ተንኮለኛ ሸማግለ እንበኣር ኣብ መወዳእታ ለዋህ ኮይኑ!!” ንዕድሉ ክኣምን ተሸገረ።

“ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ እዩ’ኸ ገዲፉልና?” ሓተተ ዉዲ ጠጠው ኢሉ እንከሎ ንፊትዝግራልድ ብምጥማት።

“ብልክዕ መጠን ሃብቲ ኣቦኻ ክንድዚ እዩ ኢለ እኳ ኣይፈልጦንየ። ግን ኣብ መጽሔት ፎርብስ ከም ዝሰፈረ እንተኾይኑ ከባቢ ሹዱሸተ ቢልዮን ኣቢሉ እዩ ዝኸውን። ዋጋ ስታንፎርድ ኢንተርፕራይዝ ማለተይ’ዩ እዚ ዝነገርኩኻ። ብተወሳኺ ከም ትፈልጥዎ ኣቦኹም ኣብ ካልእ ንኡሳን ንግድታት እውን ተዋፊሩ ክሰርሕ’ዩ ጸኒሑ። ናቱ ናይ ግሉ ሃብቲ ክህልው እዩ። ብዝተረፈ ኣብ ባንክ ንዘለዎ ጥረ ገንዘብ ተኾይኑ ግን ክሳብ 400 ሚልዮን ዶላር ኣቢሉ እዩ ዝበጽሕ”

ካንደል ካብ ምሒር ታሕጓስ ውሽጣ ምርጋእ ተሳኢንዋ ክትሰምዖም ድሕሪ ምጽናሕ “ልዕሊ ሚእቲ ሚልዮን ዶላር ክበጽሓና ማለት ድዩ? ኣይኣምንን እየ!!” በለት። …. *ብቃ ሕጂ ነጻ ክኸውን እየ። ንዝሕተቶ ዘለኹ መጠን ገንዘብ ከፊለ ደኺምም ከምዚይምለሱኒ ክገብር ኣሎኒ’* …. ሓሰበት። ከይተረደኣ ንሰብኣያ ማርክ ተጠውያ ሰዓመቶ።

“እንቋዕ ሓጎሰኪ” በላ ማርክ ንሰበይቱ ፍሽኽ እንዳበለ። እቲ ገንዘብ ንካንደል ማዕረ ክንደይ ኣገዳሲ ምኻኑ ዝፈልጥ ሓደ ንሱ ጥራይ እዩ።

ፊትዝግራልድ ዘረብኡ ቀጸለ። “ከም ትፈልጥዎ 90% ብርኪ ስታንፎርድ ኢንተርፕራይዝ ዝውንኖ ኣቦኹም እዩ። ከምቲ ኑዛዜኡ ከኣ ብሙሉኡ እቲ ብርኪ ኣብ ሞንጎ ወረስቲ ደቁ ብማዕረ ክምቀል’ዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ቴይለር ስታንፎርድ ኣቐዲሙ ካብ ኣዲኡ ዝተዋህቦ 1% ብርኪ ክህልዎ’ዩ። ካልእ ክትፈልጥዎ ዝደሊ ነገር እንተሎ ….. ብጀካኹም ካልእ ወራሲ ከይሃለወ ኣይተርፍን’ዩ”

“ካልእ ወራሲ?” ሓተተ ቴይለር።

“ኑዛዜ ኣቦኻ ከም ዝብሎ እንተኾይኑ ሙሉእ ሃብቱን ንብረቱን ኣብ ሞንጎ’ቶም ናይ ሕጊ ወረስቲ ብማዕረ ክምቀል እዩ ዘገድድ”

“ናይ ሕጊ ወረስቲ ክትብል ከለኻ ከመይ ማለትካ እዩ?” ሓተተት ፔጊ ኣጽቂጣ ድሕሪ ምጽናሕ።

“ሕጋዊያን ወረስቲ ዝበሃሉ ብተፈጥሮኣዊ መንገዲ ካብ ኣውራሲ ዝተወለዱ ወይ ከኣ ብሕጋዊ መንገዲ ናብ ኣውራሲ ዝረዓሙን ኩሎም ማለት እዮም” መለሰ ቴይለር ኣብ ቅድሚኡ ኮፍ ኢሎም ናብ ዘለዉ ጠበቓታት እንዳጠመተ።

ፊትዝግራልድ ብመልሲ ቴይለር ከም ዝሰማማዕ ንምግላጽ ንፔጊ ጠሚቱ ርእሱ ነቕነቐላ። “ልክዕ ኣለኻ፡ ዝኾነ ኣውራሲ ካብ መርዓ ወጻኢ ዝመጽኦ ውላድ እንተደኣ ሃልይዎ እሞ ብሕጊ ውልዱ ምኳኑ ተረጋጊጹ ወይ ከኣ ብሕጋዊ መንገዲ ዝተረጋገጸሉ ውላድ ሕድሪ ምኳኑ ተፈሊጡ፡ ምስኡ ዝዓበየ ይኹን ዘይዓበየ ውላድ ሙሉእ ናይ ውርሻ መሰል ከም ዘለዎ ሕጊ ይሕብረና’ዩ”

“እዚ ኩሉ ትምህርቲ ኣብ መወዳእታ እንታይ ንምባል እዩ’ሞ?” ዉዲ ናይዚ ኩሉ ሸንኮለል መወዳእታ ክሰምዕ ቁጥዐ ዝተሓወሶ ሕቶ ኣቕረበሎም።

“ክብሎ ዝደለኹ ካልእ ንሃብቲ ኣቦኹም ዝምልከቶ ሰብ ክህሉ ተኽእሎ ኣሎ”

“መን?” ሓተተት ካንደል ንፊትዝግራልድ ጠሚታ።

“ኣቦኹም ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ካብ ሓንቲ ኣብዚ ቪላ ትሰርሕ ዝነበረት ኣላይት ቆልዑ ወሊዱ ከም ዝነበረ ትፈልጡ ይመስለኒ”

“ካብ ሮዝሜሪ ኔልሰን?!” ሓተተ ቴይለር።

“እወ። ኣብ ሚልዋዩክ ዝርከብ ቅዱስ የውሃንስ ሆስፒታል ጓል ምግልጋላን ጁልያ ከም ዝበለታን ንፈልጥ ኢና”

ድሕሪ’ዘን ቃላቱ እቲ ሰፊሕ ቤት-ንባብ ስቅታ ሰፈኖ።

“ስማዕን’ዶ!!” በሎ ዉዲ ክሓስብ ጸኒሑ ቁጥዕ ኢሉ። “እዚ ትነግረና ዘለኻ ቅድሚ ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ዘጋጠመ ጌጋ እንድዩ”

“ዕስራን ሹዱሽተን ልክዕ ንምኺን” በሎ ፊትዝግራልድ ፈጺሙ ንዘይተበርሆ ዉዲ ብጎቦ ዓይኑ እንዳጠመተ።

“እዛ ጁልያ ትበሃል ዘላ ኣበይ ከም ዘላ ዝፈልጥ ኣሎ ድዩ?” ሓተተት ካንደል።

ፊትዝግራልድ ቅድሚ ዕስራን ሹዱሽተን ዓመት ሄሪ ንዝተዛረቦ ቃላት ዘከረ። …. *ጓል ከም ዝወለደት ክትነግረኒ ኢላ ጽሒፋትለይ ነይራ። ካባይ ግን ሳንቲም እውን ንኽትረክብ ትምነ እንተ ደኣ ሃልያ ገሃነም ትእቶ* ….

“የለን” መለሰ ፊትዝግራልድ ቀስ ኢሉ። “ኣበይ ከም ዘላ ዝፈልጥ ሰብ የለን”

“እሞ ኣበይ ከም ዘላ ንዘይትፍለጥ ሰብ ብምልዓል ዘዛርብ እንታይ ኣሎና?” ሓተተ ዉዲ።

“እንተ ደኣ መጺኣ ዝግበኣ መጠን ገንዘብ ክትወርስ ምኺና ክሕብረኩም ስለ ዝደለኹ እየ”

“ኣነ ከም ዝመስለኒ ብዛዕባ ዘይንፈልጣ ሰብ ብዙሕ ዘዛርብ ነገር ክህልወና ኣይምተገብኣን” ዉዲ ብነብሰ ተኣማማንነት ኣብቲ ጉዳይ

ኣፍልጦ ዘለዎ ክመስል ተዛረበ። “ምናልባት እውን ኣቦኣ መን ምኻኑ ኣይትፈልጥን ትኸውን”

ቴይለር ኣርእስቲ ክቅይር ደልዩ “ብኸመይ ግን እቲ ልክዕ መጠን ሃብቲ ኣቦና ክትፈልጥዎ ዘይከኣልኩም?” ብምባል ንፊትዝግራልድ ሓተቶ።

“ምኽንያቱ ንሕና ንውልቓዊ ጉዳያት ሄሪ እንበር፡ ንትካላዊ ጉዳያቱ ኣይምልከተናን’ዩ። ንከምኡ ዓይነት ጉዳያት ዝምልከተን ካልኦት ክልተ ናይ ጥብቅና ትካላት ኣለዋ። ምስ ክልቲኣን ትካላት ክራኸብ’የ ቀንየ ... ፋይናንሳዊ ጸብጻቦም ንከዳልውለይ ከኣ ነጊረዮም ኣለኹ”

“እቲ ናይ ውርሻ መስርሕ ተጻፊፉ ንከውዳእ ክንደይ ዝኣክል ግዜ ክወስድ ይኽእል ኢልካ ትግምት?” ካንደል ከይደናነ ብምጭናቅ ሓተተት። *.. ኦተን ሚእቲ ሺሕ ዶላር እኳ ቀልጢፉ ተዝረኽበን፡ ደሓር ....* መልሲ ሕቶኣ ከይሰምዐት ኣብ ሓሳብ ኣተወት።

ማርክ ሰበይቱ እንታይ የሕስባ ከም ዘሎ ኣይጠፍኦን። “ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ክሳለጥ ዝኽእለሉ ኣማራጺ ኣሎ ድዩ?” ብወገኑ ንሰበይቱ ዘቅስና መልሲ እንተተረኽበ ብምትስፋው ሓተተ።

“ኣይተሓዘለይ ደኣ እንበር ሕጋዊ መስርሑ ከይሓዘ ዝፍጸም ውርሻ ጉቡእ ኣይኮነን፡ ክኸውን እውን ኣይክእልን እዩ። እቲ ኑዛዘ ንባዕሉ ተግባራዊ ቅድሚ ምኻኑ መጀመርታ ብቤት ፍርዲ ክሓልፍ ኣለዎ። ቤት-ፍርዲ ከኣ ምስቲ ዘለዎ ጻዕቂ ስራሕን መጠን ንብሎ ዘለና ውርሻ ቀሊል ምስዘይምኻኑን፡ ቆጸርኡ ንኣዋርሕ ከናውሖ ተኽእሎ’ሉ” መለሰ ስቲቭ ሱቅ ኢሉ ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ።

“ንምንታይ ግን እቲ ኑዛዘ ብቤት ፍርዲ ክሓልፍ ዝግደድ?” ሓተተት ፔጊ።

“ምኽንያቱ ካብ ቤት ፍርዲ ናይ ሕጋውነት መረጋገጺ ክወሃቦ ስለዘለዎ” ሕጂ’ውን ስቲቭ መለሰ።

“ንምንታይ ግን ካልእ ኣማራጺ ክህሉ ዘይክእል፡ ማለት ነቲ ኑዛዜ ናብ ቤት ፍርዲ ከይወሰድካ ብስምምዕ እንተተፈጸመ’ኻ?” ዉዲ ክኸውን ይኽእል ንዝበሎ ሓሳብ ከቕርብ ፈተነ።

“ሕጊ ንከምኡ ዓይነት ኣሰራርሓ ኣየፍቕድንየ። ዝኾነ ኑዛዜ ብጽሑፍ ኮነ ብቃል ይቅረብ መጀመርታ ናብ ቤት ፍርዲ ክቕርብ ኣለዎ። ቅድሚ መስርሕ ውርሻ ተግባራዊ ምኻኑ ናይ ኣውራሲ መጠን ሃብቲ ብልክዕ ክፍለጥ ይግባእ። ብልክዕ ዝርዝር ንብረትን ሃብቲን ኣውራሲ ኣብ ወረቐት ሰፊሩ ክዳሎ ኣለዎ። ካብኡ ጉዳይ ግብሪን ካልኦት ኣገደስቲ ነገራትን ምስ ተጻፈፉ እዩ ቤት ፍርዲ ንንብረትን ሃብትን ኣውራሲ ኣብ ሞንጎ ወረስቲ ከምቲ ኑዛዘ ዝበሎ ክመቃራሕ ዘፍቅድ”

ዉዲ ሕልኽልኽ ዝበለ ኣሰራርሓ ኮይኑ ተራእዮ። “ክልተ ወይ ሰለስተ ወርሒ ምጽባይ’ዶ ከይስእን። ንዝሓለፈ ሙሉእ ህይወተይ እውን መዓስ ሚልዮነር ይኽውን ክብል ኣሕሊፈዮ ኣለኹ”

ፊትዝግራልድ ካብ ኮፍ ዝበለሉ መንበር ተንሰአ። “እሞ ዝኾነ ተወሳኺ ትሓቱና ነገር እንተሃልዩ?”

ቴይለር ኮፍ ካብ ዝበለሉ ድሕሪ ምትንሳእ “ዘሎ ኣይመስለንን ብወገንና። የቀንየልና ኣቶ ፊትዝግራልድ፡ ከምኡ’ውን ኣቶ ስቲቭ። ዝኾነ ንደልዮ ነገር እንተደኣ ሃልዩ ክንድውለልኩም ኢና” በሎም።

ምስ ኩሎም ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ ክልቲኦም ጠበቓታት ተታሓሒዞም ካብቲ ቪላ ወጽኡ። ብመኪንኦም ናብ ቤት-ጽሕፈቶም እንዳተመለሱ ከለው ፊትዝግራልድ “እሞ ንደቂ ስታንፎርድ ከም መጀመርታ ሌላኻ መጠን ከመይ ረኺብካዮም?” ብምባል ንስቲቭ ሓተቶ።

“እንበር’ከ ብሞት ኣቡኦም ሓዚኖም እዮም? መጠኑ ኣብ ዝሓለፎ ዓቢ ደስታ ዘለው እንበር ሓዘን ዝበሃል ኣይረኣኹሎምን። ኣነ ግን ዝገርመኒ ሄሪ ቀሊል ሰብ ኣይኮነን። ምሒር ከም ዝጸልእዎ ይፈልጥ ነይሩ እዩ። ንምንታይ ግን ክንድኡ ዝኣክል ሃብቱ ብሙሉኡ ገዲፉሎም ኣይተረድኣንን?”

“ዋጋ ሓደ ሚልዮን ዶላር ሕቶ ኢኻ ሓቲትካ ስቲቭ። መልሱ ክንፈልጦ ዘይንኽእል ሕቶ እዩ። ምናልባት ግን ኣነ ከም ዝጥርጥሮ ናብ ቦስተን ብታህዋኽ ዝመጽእ ዝነበረ፡ ምስኡ ከኣ ንዓይ ብህጹጽ ክረኽበኒ ምስ ምድላዩ ነቲ ኑዛዜ ክቕይሮ ደልዩ ነይሩ እየ ዝብል”

** ** **

ኩላቶም ኣብነናቶም ሓሳብ ኣትዮም ድቓስ ስኢናም ኣለው።

ቴይለር ብሓሳቡ ... *እንበኣር ጋህዲ ኮይኑ!! ኣብ መወዳእታ ጋህዲ ኮይኑ!! እቲ ብሕጂ ዝውንኖ ዓለመይ ኩሉ ንሊም እዩ!! ኩሉ!! ብሙሉኡ ሃብተይ ንሊም ጥራይ!!*

ካንደል ኣብ ሕቁፊ ማርክ ኮይና ትሓስብ ኣላ .... *ነተን ገንዘብ ኣብ ዝረኸብኩለን ምሸት፡ ንሓዋሩ ከም ዘይምለሱኒ ክገብሮም እየ። ዳግማይ ከም ዘይምለሱኒ ከረጋግጽ ኣሎኒ።*

ዉዲ ብሓሳቡ .... *በቲ ዝረኸቦ ገንዘብ ገይረ ዝበለጹ መወዳደሪ ድንኪ ኣፍራሰ ክገዝእ'የ። ካብሕጂ ንንየው ናይ ካልኦት ኣፍራሰ ምልቃሕ ኣየድልየንን'ዩ። ተራእዩኒ ናይ ዓሰርተ-ጎል ብሉጽ ተዳዋታይ ቃርሳ ክኸውን!! ..... ኣብ ጎድኑ ደቒሳ ንዘላ ፔጊ ጠመታ። ... ቀዳማይ ክገብሮ ዘለኒ ነገር ነዛ ደንቆሮ ምጉሓፉ'ዩ ... ቅሩብ ሓሰበ ... ኖኖእ!! ምኟን ከምኡ ክገብር ኣይኽእልን'የ ...* ካብ ዓራቱ ወሪዱ ነብሱ ንኽሕጸብ ሽቃቅ ኣተወ።

** ** **

ኩሎም ብሕልምታቶም ክሰኽሩ ሓዲሮም ቁርሲ ክበልዑ ተኣኻኽቡ።

“ኩላትኩም ብዛዕባ ገንዘብ ክትሓስቡን ናይ መጻኢ መደባት ክተውጽኡን ሓዲርኩም ሓቀይ?” ሓተተ ዉዲ ፍሽኽ እንዳበለ።

“ከመይ ጌርካ ኢኻ እሞ ብሓደ ለይቲ መደባት ክትሰርዕ፡ መዓስ ቀሊል ገንዘብ ኮይኑ። ኣዝዩ ብዙሕ'ዩ። ንክተመሓድሮ ንበዓሉ ቀሊል ኣይኮነን” መለሰ ማርክ።

“ብርግጽ ንህይወትና ክቅይሮ'ዩ” ወሰኸ ቴይለር።

ዉዲ ብሓሳብ ሓዉ ከም ዝሰማማዕ ርእሱ ብምንቕናቕ ገለጸ። “እዚ ድቓላ ኣረጊት ሰብኣይ!! ብህይወቱ ከሎ ግን ክህበና ነይርዎ። ካብ ሽዑ ጀሚርና በቲ ገንዘብ ምተዘናጋዕናሉ። ብዛዕባ እዚ ኣረጊት ሓደ ነገር ክነግረኩም'የ ...”

ካንደል “ኤእ!! ዉዲ ...” ብምባል ሕማቅ ዘረባ ንከየውጽእ ክትነግሮ እኳ ተፈተነት ቅጭጭ ከይበሎ ዕላሉ ቀጸለ። “ደሓን'ዩ ጸገም የብሉን።

ዝበልኩ ተበልኩ ናይ ይምሰል ዘውጽአ ቃላት ኣይኮነን። ኩላትና ንጸልኦ ኢና። ምሟቱ ከኣ ይግብኦ እዩ። ኣነ ዝገርመኒ በቲ ገንዘብ እንታይ ክገብር ይሓስብ ምንባሩ ....”

ክላርክ ናብቲ ክፍሊ ኣተወ። ዕላሎም ብምኹላፉ ይቕሬታ ድሕሪ ምሕታት ንኹላቶም ክጥምቶም ጀመረ። “ጁልያ ስታንፎርድ ከም ትበሃል ዝነገረትኒ ጓል ኣብ ኣፍደገ መዓጾ ኣላ”

** ** **